# መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

ቻው ቻው ፈርኦን!



ጸሓፊ ፡- Edward Hughes

ገላጺ ፡- Janie Forest
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፣ Lyn Doerksen

ተርጋሚ፡- ሰላም ተወልደ

ኣባዛሒ፡- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፣ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቁድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፣



ፈርኦን ኣዚዩ ሓረቀ! ምኽንያቱ እግዚኣብሄር ብሙሴ ጌሩ ንእስራኤላውያን ካብ ባርነት ግብጺ ከውጽኦም ስለ ዝኣዘዞ እዩ። ፈርኦን ግን ኣበየ። "ኣጸቢቕኩም ኣስርሕዎም"፤ ፈርኦን ነቶም ሓለፍቲ ኣዘዞም። ሕጂ ንእስራኤላውያን ኣዚዩ ዝኸበደ መግዛእቲ ኾኖም።



"ባዕልኹም ዕንጸይቲ ኣምጽኡ፡ ካብ ሕጂ ንድሓር ኣይነምጽኣልኩምን ኢና። ክንድቲ ትሰርሕዎ ዝነበርኩም ሕጡብ ድማ ክትሰርሑ ኢኹም" ። ኢሉ ሓዲሽ ትእዛዝ መሊሱ ኣዘዞም ፈርኦን።




እቶም ሓለፍቲ ድማ ንገለ
ካብቶም ግዙኣት ክገርፍዎም
ጀመሩ፡ እዚ ድማ ዕንጸይቲ ኣምጺኦም
ተመሊሶም ድማ ሕጡብ
ክሰርሑ ግዜ ይውሕዶም ስለ
ዝነበረ እዩ።



እቶም ህዝቢ ድማ ንሙሴ ኣሮንን
መሊሱ ስራሕ ኣኸቢድልና
ኢሎም ኣማረርዎ።
ሙሴ ንክጽሊ ቦታ
ደለየ። እንዳበኸየ ድማ
ዎ እግዚኣብሄር! ህዝብኻ
መሊሱ ይኸብዶ ኣሎ
በሎ። እግዚኣብሄር ግና
"ኣነ እግዚኣብሄር እየ ፡
ከውጽኦም ድማ
እየ" በሎ።

ብድሕሪ እዚ እግዚኣብሄር ን ሙሴን ኣሮንን ናብ ፈርኦን ለኣኾም። እቲ ሓለቃ ንጉስ ናይ እግዚኣብሄር ተኣምራት ክርእይዎም ምስ



ሓተቶም፡ በትሪ ኣሮን ባብ ተመን ተቀየረት።



"ነቶም ጠንቀልተይ ጸውዕዎም"
ኢሉ ጨደረ ፈርኦን። እቶም
ግብጻውያን ጠንቀልቲ በትሮም
ምስ ደርበዩ ድማ ኩሎን ናብ
ተመን ተቀየረ። ግን በትሪ
ኣሮን ንኩለን እተን ኣባትር
ወሓጠተን። ሕጂ ውን
ተኾነ ፈርኦን ነቶም ህዝቢ
ኪሰዶም
እምቢ
በለ።


ንጽባሒቱ ንግሆ፡ ሙሴን ኣሮንን ኣብ ሩባ ንፈርኦን ረኸብዎ።
ኣሮን በትሩ ናብቲ ሩባ ምስ የእተዎ ድማ ናብ ደም ተቀየረ።
ኩሎም ኣብኡ ዝነበሩ ዓሳታት ድማ ሞቱ።
እቶም ህዝቢ
ውን ካብኡ
ክሰትዩ
ኣይከኣሉን!

ልቢ ፈርኦን ግን መሊሱ ተረረ። ንእስራኤላውያን ክሰዶም ኣይደለየን።





እንደግገና፡ ሙሴ ንፈርኦን ንህዝቢ ኣምላኽ
ኪገድፎም ነገሮ። ፈርኦን ግን እምቢ
በለ። እግዚኣብሄር
ድማ ፈራ ሰደደሎም።
ግብጺ ብምልኡ ድማ
ብ እንቅርዖብ መልአ።
ነፍሲ ወከፍ ገዛ፡
ነፍሲ ወከፍ ቤት፡
ክሽነ ከይተረፈ ብ
እንቅርዖብ መልአ።



"ጸልዩለይ፡ እግዚኣብሄር ነዘን
እንቅርዖብ ከልግሰን"፡ በሎም
ፈርኦን። ኣነ ድማ
ንህዝብኹም
ኪሰዶም እየ
በሎም። ግን እተን
እንቅርዖብ ምስ ለገሳ፡
ፈርኦን ሓሳቡ ቀየረ።
ነቶም ህዝቢ
ምስዳድ ኣበየ።

እግዚኣብሄር መሊሱ ኣሸሓት ጻጹት ሰደደሎም። ካብ ሰብ ክሳብ ማል ድማ ቆሰለ፡ ፈርኦን ግን ልቡ ንእግዚኣብሄር ምሃብ ኣበየ።







ብድሕሪ እዚ
እግዚኣብሄር ጽንጽያ
መልኦ። ሕማም
ድማ ንጥሪቶም
ለኣኸሎም።





እግዚኣብሄር ኣዚዩ
ዘቀንዙ ፎቅፎቅ ዝብል
ሕበጥ ለኣኸሎም። እቶም
ህዝቢ ኣዚዮም ተሳቀዩ፡፡
ፈርኦን ግን ሕጂ ውን
ኣይትቀየረን።



ድሕሪ እቲ ሕበጥ
ሕማማም ድማ፥
እግዚኣብሄር ኣንበጣ
ለኣኸሎም። እቶም
ኣንበጣ ኩሉ እቲ
ሳዕሪ ናይቲ ዓዲ
በልዕዎ።



እግዚኣብሄር መሊሱ
ሰለስተ መዓልቲ
ጸልማት ከም ዝኸዉን
ገበሮ። እቲ ደረቅ
ፈርኦን ግን ሕጂ ውን
ንእስራኤላውያን
ኪሰዶም ኣይፈተወን።

"ሕጂ ውን ካልእ ፌራ ክልእከሎም
እየ" ኣጠንቀቆም
እግዚኣብሄር። "ፍርቂ
ለይቲ ምስ ኮነ ድማ
ኩሉ በኺሪ ዉሉድ ናይ
ቤት ክቕዘፍ እዩ"።
እግዚኣብሄር ን
እስራኤላውያን " በኺሪ
ዉሉድኩም ደም ናይ
ዕየት ኣብ ልዳትኩም
ምስ እትገብሩ ኣይክቕዘፍን እዩ፡
እታ ቤት ውን ኣይክትትንከፍን እያ በሎም።





ድሕሪ ፍርቂ ለይቲ፣ ኣብ ግብጺ ብርቱዕ ብኽያት ኮነ። ሞተ መጸ። እንተውሓደ ሓደ ካብ ቤት ድማ ሞተ።





"ዉጹለይ" ፈርኦን ን
ሙሴ ለመኖ። "ኬድኩም
ንኣምልኽኩም ኣምልኹ"።
ብቅልጡፍ ድማ ህዝቢ ኣምላኽ
ንግብጺ ገድፎም ወጹ።



እግዚኣብሄር ድማ ንሙሴ እታ ናይ
ፋሲጋ በዓል ኪዝክርዎ ነገሮም ምኽንያቱ
መልኣኽ እግዚኣብሄር ናይ እስራኤላውያን ቤት ዘሊሉ ኣብ
ቤት ፈርኦንን ህዝቡን ግን ሞት ስለ ዘምጽአ እዩ።



ድሕሪብ 430 ዓመታታ ኣብ
ግብጺ፡ ህዝቢ ኣምላኽ ሕጂ ግን
ነጻ ወጹ። እግዚኣብሄር ብግዜ ቀትሪ ብዓንዲ ደበና
ብግዜ ለይቲ ድማ ብዓንዲ ሓዊ ይመርሖም ነበረ።



ፈርኦን ግና ምስ

እስራኤላውያን ገና
ኣይወድኣን ነበረ። ደጊሙ
ንእግዚኣብሄር ረስዖ እሞ
ደጊሙ ሓሳቡ ቀየረ።
ኩሉ ሰራዊቱ ኣኪቡ ድማ
ከርክቦም ደድሕሪኦም
ሰዓበ። ኣብ ገምገም
ባሕሪ ምስ በጽሑ ድማ
ኣርከቦም።



"እግዚኣብሄር ክዋግኣልኩም እዩ"
ሙሴ በሎም። ሙሴ ናብ ጫፍ ናይቲ ባሕሪ
ከይዱ ድማ ኣእዳዉ ዘርግሐ።



ኣዝዩ
ዓቢ
ትኣምራት
ድማ ኮነ።
እግዚኣብሄር
ብማእከል እቲባሕሪ
መገዲ ከፈተሎም።
እቶም ህዝቢ ድማ
ብሰላም ሰገሩ።

ናይ ፈርኦን ሰራዊት ግና ናብቲ ዝተከፈተ ቀይሕ ባሕሪ ከርክብዎም ጋለቡ፡" ሕጂ ክንሕዞም ኢና " ኢሎም ሓሰቡ እቶም ሰራዊት።



እግዚኣብሄር ግን ነቲ ባሕሪ ደፈኖ። ኩሉ ናይ ፈርኦን ሰራዊትን ሓይልን ድማ ኣብቲ ባሕሪ ጢሒሉ ተረፈ። ሕጂ ፈርኦን ናይ እስራኤላውያን ኣምላኽ ልዕሊ ኩሉ ሙኻኑ ፈለጠ።



ቻው ቻው ፈርኦን!

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘጽኣት 4-15

"ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።" መዝሙር 119፥130

መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኲልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ገና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቀቢልናዮ ንሱ ካብ ኲሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!

“ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ።
የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ
ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን
እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ
ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን
ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ
ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት
ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣” ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ
ንዘራረብ! የውሃንስ 3።16